Salford Home Search

A new way of finding a home



# ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ (Salford Home Search)

**እዚ ጽሑፍ እዚ ብዓብይ ፊደል ተጻሒፉ፣ ኣብ ካሴት ተቐዲሑ፣ ብኤሌክትሮኒክ ከምእውን ብብሬይል መልክዕ ተዳልዩ ክወሃብ ይከኣል እዩ።**

## i. ሕበሩና

ኣብ ናይ ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ (Salford Home Search) ብቐጥታ ካብ ኢንተርነት ብመርበብ ሐበሬታና www.salfordhomesearch.co.uk ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ በዚ ቁጽሪ ብምድዋል +44(0)161 909 6514 ወይድማ ናብቲ ቤት ጽሕፈትና ብጽሑ። ፍሉይ ዝኾነ ናይ ፋይል መወከሲ ቁጽሪ ክትወሃቡ ኢኹም፡ ከምኡውን ከከም ናይ መንበሪ ኣባይቲ ድሌታትኩም መሰረት ናብ ሓደ ጉጅለ ክትምደቡ ኢኹም።

## ii. ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ (Salford Home Search)

ሕጂ፡ ሓድሽ ኣባይቲ ክትደልዩ ከምኡውን ነቲ እትደልይዎ ዓይነት መንበሪ ኣባይቲ ጨረታ ክትጨረትሉ ትኽእሉ እኹም። ብዛዕባ መንበሪ ገዛውቲ ብኢንተርነት መልክዕ ከምኡውን ኣብቲ ሰሙናዊ መጽሔት ምልክታ ይወጽእ፤ እዚ ድማ ኣብ ሳልፎርድምድላይ መንበሪ ኣባይቲ(Salford Home Search)፣ ሳሊክስ ኣባይቲ (Salix Homes)፣ ኒው ፕሮስፐክት (New Prospect)፣

ሳልፎርድ ሲቪክ ማእከል( Salford Civic Centre) ፣ ክሮምቶን ኣባይቲ(Crompton House)፣ ከምኡውን ሃልተን ኣባይቲ(Halton House) ክርከብ ይከኣል እዩ። ብኢንተርነት ወይድማ በዚ ቁጽሪ ብምድዋል +44(0)161 909 6514 ኣብቲ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ቤት ጽሕፈት ጨረታኹም ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## iii. ውጽኢታት

እንተደኣ ተዓዊትኩም፡ ካብቲ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ክትሰምዑ ኢኹም። እንተደኣ ዘይተዓወትኩም ግን፡ እንደገና ፈትኑ፡ ምስ ይቕሬታ።

# ብዙሕ ግዜ ዝለዓሉ ሕቶታት

## 1. ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ(Salford Home Search) እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ኣብ ሳልፎርድ ዘሎ ኣባይቲ ናይ ምክራይ ሓዲሽ ኣሰራርሓ ክኸውን እንከሎ፤ ሓሳባቱ ከኣ ንተቐማጦ ሳልፎርድ ነቲ ዝደለይዎ ዓይነት ኣባይትን ከምኡውን ኣብቲ ክነብርሉ ዝመረጽዎ ቦታ ንምርካብ ዝበለጸ ዕድላት ንምኽፋት እዩ።

## 2. ብኸመይ ይሰርሕ?

ነቲ ክትካረይዎ ዝደለኹም ዝኾነ ይኹን ዓይነት ኣባይቲ፡ ጨረታ ተውድቑሉ። ንሓደ መንበሪ ገዛ ካብ ሓደ ንላዕሊ ሰባት ጨረታ እንተደኣ ጌሮምሉ፡ እቲ ኣዝዩ ዘድልዮ ሰብ ተራእዩ፡ እቲ ዘለዎ ዓይነት ጉጅለ፣ ከምኡውን እቲ ዝነውሐ ግዜ ዝተመዝገበ ሰብ ተዓዊቱ ይኸውን ማለት እዩ። በቲ ዘለኹሞ ኩነታት መሰረት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ክትምደቡ ኢኹም።

## 3. "ጉጅለ" እንታይ እዩ?

ጉጅለ ክበሃል ከሎ፡ ሰባት በቲ ዘለዎም ናይ መንበሪ ኩነታትን ድሌትን መሰረት ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ምውዳብ ማለት ኢዩ።

| | |
|---|---|
| ጉጅለ A | ናይ ግድን ክግዕዙ ዘለዎም ኣመልክቲ ። |
| ጉጅለ B | ነዞም ዝሰዕቡ ዘጠቓልል፤<br>• ኣባይቲ ኣልቦ ዝኾኑ ሰባት፣<br>• ዘለዎም ኣባይቲ ክሕደጉ ወይ ክስእንዎ ስለ ዝቐረቡ፡ ህጹጽ ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት፣<br>• ብቑዕ ዝኾነ ናይ ሕክምና ኩነታት ዘለዎም ሰባት። |

| | |
|---|---|
| ጉጅለ C | ነዞም ዝሰዕቡ ዘጠቓልለ፤<br>• ኣባይቲ ንኽረኽቡ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ድሌታት ዘለዎም ሰባት፤ እዞም ሰባት እዚኣቶም ርትዓዊ ተመራጽነት ዝተወሃቦም እዮም፡ ንኣብነት፡ ክንክን ዘድልዮም ከለው ክገድፍዎ ዝተገደዱ ቆልዑ ዘለዎም ወይድማ ክንክን ንምሃብ ወይ ንምቕባል መንበሪ ዘድልዮም ኣባላት ቤተሰብ ዘለዎም። |
| ጉጅለ D | ነዞም ዝሰዕቡ ዘጠቓልለ፤<br>• ናይ ኣባይቲ ድሌት ዘይብሎም ሰባት፡ እዚኣቶም፡ ሙሉእ ዝኾነ መንበሪ ዘለዎም ወይድማ ምስ እቲ ከባቢ ብዙሕ ርክብ ዘይብሎም ሰባት እዮም። |

እቶም ኣባይቲ እውን ንባዕሎም ኣብ ጉጅለታት ዝተኸፈሉ እዮም።

## 4. ኣነ ንምንታይ እየ ኣብዚ ጉጅለ እዚ ዘለኹ?

ኣብዚ ጉጅለ እዚ ዝተመደብክምሉ ምኽንያት፡ እቲ ድሌትኩምን ኩነታትኩምን ተፈልዩ ምእንቲ ክፍለጥ እዩ። ዝለኣለ ብዙሒ ድሌት ዘለዎም ሰባት ዝለኣለ ቀዳምነት ይወሃቦም። ሓደ ዓይነት ብዝሒ ድሌት ዘለዎም ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰባት እንተደኣ ኣለዉ ኮይኖም፡ እቲ ኣብቲ ምጽንሒ ዝርዝር መዝገብ ኣቐዲሙ ዝተመዝገበ ሰብ ቀዳምነት ይወሃቦ።

## 5. ንኸመይ ዓይነት ኣባይቲ እየ ጨረታ ክገብር ዝኽእል?

ንዝኾነ ይኹን ኣባይቲ ጨረታ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፡ ተመራጽነት ዝተዋሃቦም ሰባት፡ እቶም ጨረታ ዝገብሩን፤

- ምስቲ ኣብ ምልክታ ዝወጸ ኣባይቲ ሓደ ዓይነት ጉጅለ ዘለዎምን፣
- ጠለባቶም ምስቲ ቀሪቡ ዘሎ ዓይነትን መጠንን ኣባይቲ ዝሰማማዕ ምስ ዝኾውን።

ናይቲ ዝተዓወተ ተጨራቲ ጠለባት ምስቲ ዝቀረበ ኣባይቲ ዓይነትን መጠንን ዘይሳማማዕ እንተደኣ ኮይኑ፡ ንኣብነት፡ ሓደ ንበይኑ ዝነብር ሰብ ናይ ቤተሰብ ኣባይቲ እንተደኣ ተጨሪቱ፡ እቲ ኣባይቲ እንደገና ኣብ ምልክታ ብምውጻእ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝበለጸ መዓላ ከምዝውዕል ክግበር ይከኣል እዩ።

## 6. ምስ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ (Salford Home Search) ብኸመይ ክምዝገብ ይኽእል?

በዚ መንገዲ እዚ ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

- ብቐጥታ ብኢንተርነት ኣብ መርበብ ሓበሬታ፡ www.salfordhomesearch.co.uk
- ናብ ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ (Salford Home Search) ብኣካል ብምምጻእ

- በዚ ቁጽሪ እዚ ብምድዋል +44(0)161 909 6514

## 7. ጨረታ ብኸመይ ይገብር?

ጨረታ በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ክግበሩ ይኽእሉ እዮም፤

- ኣብ መርበብ ሓበሬታ፡ www.salfordhomesearch.co.uk ተመልከቱ
- ናብ ሳልፎርድ ምድላይ ኣባይቲ (Salford Home Search) ብኣካል ብምምጻእ
- ናብቲ መራኸቢ ማእከል በዚ ቁጽሪ እዚ ብምድዋል +44(0)161 909 6514
- ኣብ ዝኾነ ናይ ከባቢ ኣባይቲ ጽሕፈት ቤት፤ ሳሊክስ ኣባይቲ (Salix Homes) ከምኡውን ኒው ፕሮስፐክት (New Prespect)

ጨረታ በቲ ዝተመዝገበ ሰብ ወይ ድማ ዝተወከለ ተጨራታይ ክግበር ይከኣል።

ኣስተውዕሉ፤ ንኽትጨረቱ መጀመርያ ክትምዝገቡ ኣሎኩም!

## 8. መዓስ እየ ጨረታ ክገብር ዝሎኒ?

ካብ ሮቡዕ ሰዓት 10 ቅ.ቀትሪ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ናይታ እትመጽእ ሶኑይ፡ ክትጨረቱ ትኽእሉ ኢኹም: እዚ ድማ "ናይ ጨረታ ዑደት" ('Bidding Cycle') ተባሂሉ ይጽዋዕ። ድሕሪኡ ናይቲ ጨረታ ዝርዝር ይዳሎ፡ እዚ'ድማ ንኩሎም ኣብ ሓደ መንበሪ ኣባይቲ ድሌት ዘርኣዩ ኣመልከትቲ ከከም ተመራጽነቶም ተወሲኑ ደረጃታት ሒዙ ብዝርዝር ይዳሎ።

## 9. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ጨረታ ዑደት (bidding cycle) ክንደይ ግዜ ክጨረት ይኽእል?

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ጨረታ ዑደት ዝበዝሐ ሰለስተ ግዜ ጥራይ ክትጨረቱ ይፍቀደልኩም፤ እንተኾነ ግን ንሓደ ኣባይቲ ሓንሳብ ጥራይ ኢኹም ክትጨረቱ እትኽእሉ። ነፍሲ ወከፍ ናይ ጨረታ ዑደት ካብ ሮቡዕ ሰዓት 10 ቅ.ቀትሪ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ናይታ እትመጽእ ሶኑይ፡ ይጸንሕ።

## 10. ብዛዕባ እቲ ዝገበርክዎ ጨረታ ብኸመይ ይፈልጥ?

ነቶም ዝተዓወቱ ተጨረቲ፡ ክንውከሶም ኢና፡ ከምኡውን ቅድሚ ምውሳኖም ነቲ ኣባይቲ ክርእይዎ ዕድል ይወሃቦም። እቲ ኣባይቲ ምስተኻረየ ድማ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታናን ከምኡውን ኣብቲ ናይ ከባቢኹም ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ብዛዕብኡ ክነቃልሕ ኢና። እዚ ድማ እቲ ዝተዓወተ ኣመልካቲ ኽንደይ ግዜ ከምተጸበየን፣ ካብ ኣየናይ ጉጅለ ከምዝኾነን፡ እንታይ ድሌታት ከምዝነበሮን ብሙልኡ ክግለጽ እዩ። ሽም ናይቲ ኣመልካቲ ግን ኣይክግለጽን እዩ።

## 11. ንዝኾነ ዓይነት ኣባይቲ እንተደኣ ዘይተጨረትኩ ኸ እንታይ ይኸውን?

ፍሉይ ዝኾነ ድሌታት እንተደኣ ዘይብልኩም፡ ክይተጨረትኩም መንበሪ ኣባይቲን ክወሃበኩም ኣብ ግምት ኣይትእትዉን ኢኹም። መንበሪ ኣባይቲ ብትግሃት ናይ ምድላይን ምርካብን ሓላፍነትናትኩምን ወይ ናይቲ ወኪልኩምን እዩ ዝኸውን። ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ (Salford Home

Search) ፡ ነቶም ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ኣብ ጨረታ ዘይተሳተፉ ሰባት፡ ምናልባት እቲ ኣሰራርሓ ዘይተረድኦም እንተደኣ ኮይኑ ወይድማ ኣብ ዝመጽእ: ጨረታታት ንምግባር ሓገዝ እንተደኣ ዘድልዮም ኮይኑ ንምፍላጥ ክውከሶም እዩ።

## 12. ክሳብ ሕጂ ኣይተዓወትኩን። መመሊሰ ክጨረት ኣሎኒ ማለት ድዩ?

እወ። ነቲ ጨረታ ናይ ምዕዋትኩም ዕድል፡ እቲ ዝድለ ዘሎ ኣባይቲ ብኸመይ ዝበሉ ኻልኦት ሰባት ይድለ ኣሎ እዩ ዝውሰኖ። ናይቲ ኣባይቲ ድሌት ተመራጸነትኩም እንተደኣ ትሑት ኮይኑ፡ ሓዲሽ መንበሪ ኣባይቲ ንምርካብ ዝነውሐ ግዜ ይወስደልኩም። ብዛዕባ እቲ ክትቅመጥሉ እትደልዩዎ ቦታን፤ ዓይነት ኣባይቲን፤ ብዝለኣለ ደረጃ ክትተዓጻጸፉ ትኽእሉ እንተኾንኩምን፡ ከምኡውን ንብዙሓት ኣባይቲ እንተደኣ ተጨሪትኩም፡ ንኽትዕወቱ ዝዓበየ ዕድል ይህልወኩም።

## 13. ነቶም ህጹጽ ደላይ ዝኾኑ ሰባት ዝወሃብ ቀዳምነትኣሎ ዶ?

እወ፡ ዝኾነ ክፋል ናይኩሎምኣብ ምልክታዝቐረቡ መንበሪ ኣባይቲታት፡ ነቶም ህጹጽ ዝኮነ ድሌት ኣለዎም ኢልና ዝገምገምናዮም ሰባት ዝምደብ'ዩ። ንኣብነት፤ ብናይ ሓዊ ባርዕ ወይ ናይ ውሕጅ ሓደጋ ምኽንያት ድንገተኛ ምቅያር ኣባይቲ ዘድልዮምሰባት።

## 14. ከባቢያዊ ርክብ እንተደኣ ኣሎኒ ኮይኑ ተመራጸነት ኽረክብ እኽእል'ዶ ?

እወ፡ ምስ ሳልፎርድ(Salford) ከባቢያዊ ርክብ ዘለዎም ሰባት ቀዳምነት ይወሃቦም፤ እዚ ማለት ከኣ፥

- ካብተን ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ እተን ሽዱሽተ ኣዋርሕ፤ ወይድማ ካብ ውሽጢ እተን ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት እተን ሰለስተ ዓመታት ኣብ ሳልፎርድ(Salford) እንተደኣ ተቐሚትኩም ኰንኩም፤
- ኣብ ሳልፎርድ(Salford) ስራሕ ተቖጺርኩም ትሰርሑ እንተደኣ ኰንኩም፤
- ብውሕድ ንሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ሳልፎርድ(Salford) ዝተቐመጠ ቀረባ ዘመድ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፤
- ኣባይቲ ኣልቦ ምስትኾኑ እሞ ቤት ምኽሪ ከተማ ሳልፎርድ(Salford) ክሕግዘኩም ሕጋዊ ግቡኡ ምስዝኸውን።

## 15. ናተይ ናይ ግሊ ዝኾነ ሓበሬታትት ንኻልኦት ኣካረይቲ ይንገሮም ድዩ?

ሳልፎርድ ምድላይ ኣባይቲ (Salford Home Search)፡ ምስ ዝበዝሐ ናይ ኣባይቲ ማሕበራትን ፍሉጣት ዝኾኑ ናይ ግሊ ኣካረይትን መስርዓት ኣለዎ። ኣብ ናይ ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ (Salford Home Search) ኣባይቲ ክትምዝገቡ ከለኹም፡ ብግልጺ እንተደኣ ዘይሓበርክሙና፡ እቲ ካባኹም ዝረኸብናዮ ሓበሬታት ከነካፍሎም ሽውንሹው ተሰማሚእኩም ኣሎኹም ማለት እዩ። ሓደ ካብ ናታቶም ኣባይቲ ድሮ ጨረታ እንተደኣ ጌርኩም፡ ንሳቶም ብዛዕባኹም ዝረኸብዎ፡ ዝተወሰነ ሓበሬታ ጥራሕ'ዩ።

## 16. ኩሎም ኣባይቲ፡ ብመንገዲ ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ (Salford Home Search) ድዮም ዝካረዩ?

ኣይኮኑን። እቲ Allocations Review Panel ዝበሃል ትካል’ውን ሓደሓደ ግዜ ኣብ ፍሉይ ዝኾነ ኩነታት፡ ኣባይቲ የካርይ እዩ፡ ንኣብነት፡ ናይ ባርዕ ሓዊ ወይ ውሕጅ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም።

## 17. ኣባይቲ ኣብ ምርካብ እንተደኣ ተዓዊተ፡ እቲ ዘካርየኒ ሰብ እንታዋይ እዩ?

እቲ ሓድሽ ኣካራይኹም ካብዞም ዝሰዕቡ ሓደ ይኸውን፥

- ሳሊክስ ኣባይቲ (Salix Homes)፣
- ኒው ፕሮስፐክት (New Prospect)፣
- ቤት ምኽሪ ከተማ ሳልፎርድ (Salford City Coucil)፣
- ማሕበር ኣባይቲ(Housing Association)፣
- ኣብቲ ናይ ቤት ምኽሪ ምዝጉባት ኣካረይቲ ኣሰራርሓ (Landlord Accreditation Scheme) ዝተመዝገበ ናይ ግሊ ኣካረዪ

## 18. እቲ ሕጂ ምሳይ ዘሎኒ ናይ ተኻራዪ መሰላት ክኸተሎ’ድየ?

ነቲ ኣባይቲ ክትቅበልዎ ቅድሚ ምትሕታትኩም፡ እቲ ሓድሽ ኣካራዪ፡ እቲ ዘሎኩም መሰላት እንታይ ሙኻኑ ክመኽረኩም እዩ። ካብ ብቤት ምኽሪ ዝውነን ኣባይቲ ናብ ብማሕበር ኣባይቲ ዝውነን ኣባይቲ ዝመሓላለፉ ተኻረይቲ እቲ ኣብ ትሕቲ ናይ ምግዛእ መሰላት ኣሰራርሓ (Right to Buy Scheme) ዝነበሮም ነቲ ንብረት ናይ ምግዛእ መሰላት ክሕደጉ እኽእሉ’ዮም። ብዛዕባ ዘገድሰኩም ዝኾነ ፍሉይናይ ተኻረይቲ መሰላት ብዝምልከት ምስቲ ሓድሽ ኣካራዪ ኮይንኹም ኣጻርዩ።

## 19. ምስ ሕብረተሰብ ዘይሰማማዕ ጠባያት (Anti-Social Behaviour Order) እንተደኣ ኣሎኒ ኮይኑ ወይ ድማ ብወንጀል ተኸሲሰ ግና መቕጻተይ ዝወዳእኩ እንተደኣ ኾይነ፡ ብኸመይ ትቕበሉኒ?

ምስ ሕብረተሰብ ዘይሰማማዕ ጠባያት ዘለዎም ሰባት ዝምልከት ፖሊሲ ከምዚ ይብል፡ "ብናይ ንሓዋሩ ማሕበረሰባት ምድንፋዕ ድሌታት ምርኩስ ብምግባር፡ ሓደሓደ ኣመልከቲ ካብቲ ቀዋሚ መዝገብ ክሕከኹ ግድን ክኸውን እኽእል’ዩ። እዚ ዝኸውን ድማ ንምምሕዳር ተኻራያይ ከምኡውን/ወይድማ ኣብቲ ማሕበረሰብ ጽልዋ ክገብር ዝኽእል ጭብጢ ዘለዎ ቅሉዕ ባህርይ እንተደኣ ተራእዩን ተረጋጊጹን እዩ፤ ንኣብነት ኣብ ጸረ ሕብረተሰብ ብዝኾነ መንገዲ ባህሪኦም ዘራኣዩ ኣመልከቲ፡ እዚ ድማ ገለገል ዘይሕጋዊ ዝኾነ ስራሓት፣ ከምእኒ ኣደንዛዚ ሓሺሽ ምሻጥን፤ ከምኡውን ካብ ናይ ሕጂ ክራይ ንድሕሪት ዘይተኸፍለ ዕዳ ዘለዎም ወይ’ከኣ ናይ ዝሓለፈ ኣብ ካልእ ቦታ ናይ ተኻራያይ ዘይተኸፍለ ዕዳ ዘለዎም ኣመልከቲ፤ ወይድማ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ሰራሕተኛ ቤት ምኽሪ ኣባይቲ ወይ’ውን ናታቶም ናይ ኣባይቲ ሽርካታትን ዘፈራርሕ ቋንቋ ወይ ጠባያት ዘርኣዩ ኣመልከቲ ወይ ናቶም ኣባላት ቤተሰብ ዘጠቓለለ እዩ።"

ነፍሲ ወከፍ ኣመልካቲ ብግሊ ክረአ እንከሎ፡ ሰፊሕ ምርመራ ምስተገብረሉ’ኢዩ። ኣመልከቲ ኣንጻርእቲ ከምዚ ዝመሰለ ውሳኔ ፡ ይግባይ ክብሉ መሰል ኣለዎም።

ስምኩም ብዝምልከት ዝተመዝገበ ወንጀል ድሕሪ ደጊም እንተደኣ ዘየለ ኮይኑ፡ ክትፍለዩ ወይ ብዝኾነ ኻልእ መንገዲ ክትንጸሉዘይግብኡን ዘይሕጋውን እዩ። ምስቶም ካልኦት ኣመልከቲ ብማዕረ ኢኹም

ትረኣዩ።

## 20. እቶም ብግሊ ዝካረዩ ኣባይቲ'ኸ በዚ ኣሰራርሓ እዚ ድዮም ዝኸዱ?

እቲ ናይ ምዝገባት ኣካረይቲ ኣሰራርሓ (Landlord Accreditation Scheme) ብናይ ግሊ ኣካረይቲ ዝካረዩ ኣባይቲ ይሰደልና እሞ፡ ንሕና ድማ ኣብ ክንድኦም ብሙኻን ኣብ ምልክታ ነውጽኦም። ብዛዕባ እዞም ኣባይቲ እዚኣቶም ዝያዳ ክትፈልጡ እንተደኣ ደሊኹም፡ ዝበለጸ ሓበሬታታትን ንመን ክትውከሱ ከም ዘሎኩምን ዝገልጽ ዝርዝር ኣሎና።

ብዛዕባ ዝኸፈል ዕርቡን ሓገዛት ዝህብ ናይ ሳልፎርድ ጥንቑቕ ኣሰረርሓ ዕርቡን (Salford Safe Deposit Scheme) ዝበሃል ብስልኪ ቁጽሪ +44(0)161 793 2020 ክትውከስዎ ትክእሉ ኢኹም። ሓገዝ እንተደኣ ዘድልየኩም ኮይኑ ባዕልኹም ክትውከስዎም ኣለኩም።

## 21. እቲ ዘለኽዎ ኩነታት እንተደኣ ተቐይሩ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?

ቀልጢፍኩም ክትሕብሩና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኩሎም እንቕርበልኩም መንበረታት ኣብቲ ዝሃብክሙና ሓበሬታታት ብሙሙርኳስ ኢና፤ ስለዝኾነ ኣባይቲ እንተደኣ ተዋሂብኩም እሞ ኩነታትኩም እንተደኣ ተቐይሩ፡ እቲ ዝተወሃበኩም ኣባይቲ ክንመልሶ ንኽእል እዩ።

## 22. ዝበለጸ ሓበሬታ ንኽረክብ ናበይ ክኸይድ ኣሎኒ?

- ኣብ መርበብ ሓበሬታ፡ www.salfordhomesearch.co.uk ብምምልካት
- ናብ ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ(Salford Home Search) ብኣካል ብምምጻእ
- ነቲ መራኸቢ ማእከል ብስልኪ ቁጥሪ፡+44(0)161 909 6514 ብምድዋል
- ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ብምኻድ።

# ብኸመይ ክትረኽቡና ትኽእሉ

ሳልፎርድ ምድላይ መንበሪ ኣባይቲ (Salford Home Search)
45 Hankinson Way
Salford
M6 5JA

UK

ስ.ቁጽሪ፡ +44(0)161 909 6514
Minicom: +44(0)161 909 6527
ፋክስ፡ +44(0)161 737 3237

ኢ.መይል፡ salfordhomesearch@salford.gov.uk

**መርበብ ሓበሬታ፡** www.salfordhomesearch.co.uk